# Sagor för barn på svenska

berattelser.se

## ናይ ዓባየይ ባናና

Skriven av: Ursula Nafula
Illustrerad av: Catherine Groenewald
Översatt av: Daniel Berhane Habte

Denna saga kommer från African Storybook (africanstorybook.org) och vidarebefordras av Sagor för barn på svenska (https://berattelser.se/), som erbjuder sagor på månge språk som talas i Sverige.

Detta verk är licensierat under en Creative Commons
Erkännande 3.0 Internasjonal Lisens.
https://creativecommons.org/licenses/by/3.0/deed.sv

# ናይ ዓባየይ ባናና



Ursula Nafula
Catherine Groenewald
Daniel Berhane Habte
tigrinska
nivå 4



ናይ ዓባየይ ሰፈር ኣታኽልቲ ብመሸላ፡ ብልቱግን ካሳቫን ዝመልአ መስተንክር እዩ ዝነበረ። ካብ ኩሉ ዝበለጸ ግናን እቲ ባናና እዩ። ሸሕ’ኳ ንዓባየይ ብዙሓት ደቀደቂ እንተነበርዋ፡ ዝያዳ ኩሎም ንዓይ ትፈትው ከምዝነበረት ብምስጢር እፈልጥ ነበርኩ። ብዙሕ ግዜ ናብ ቤታ ትዕድመኒ ነበረት። ቍሩብ ምስጢራት ድማ ትነግረኒ ነበረት። ሓንቲ ዘይተካፍለኒ ምስጢር ግናን ኔራታ - ባናና ኣበይ ተብስሎ ከምዝነበረት።





ዳሕራይ ንምሸቱ ኣደይ፡ ኣቦይን ዓባየይን ጸውዑኒ። ንምንታይ ከምዝኾነ ተረደኣኒ። እታ ምሸት ምስደቀስኩ፡ ዳግም፡ ካብ ዓባየይ፡ ካብ ወለደይ፡ ብርግጽ ድማ ካብ ዝኾነ ካልእ ሰብ ክሰርቕ ከምዘይክእል ፈለጥኩ።



ንጽባሒቱ መዓልቲ ዕዳጋ ነበረ። ዓባየይ ብኣጋኡ ተንስአት። ኲሉ ግዜ ዝሸየጥ ብሱል ባናናን ካሳቫን ሒዛ ናብቲ ዕዳጋ ትኸይድ ነበረት። ኣብታ መዓልቲ ንኽበጽሓ ኣይተሃወኽኩን። እንተኾነ ግን ከይርኣኽዋ ነዊሕ ግዜ ክጸንሕ ኣይክእልን እየ።





ሓደ መዓልቲ ብላኻ ዝተሰርሐት ዓባይ ዘንቢል ኣብ ኣፍደገ ቤት ዓባየይ ኣብ ጸሓይ ተሰጢሓ ርኣኹ። ንምንታይ ምኳና ምስሓተትክዋ፡ ዝረኸብክዋ እንኮ መልሲ፡ “እዚኣ ትንግርታዊት ዘንቢለይ እያ።” ትብል እያ። ጥቓ'ታ ዘንቢል፡ ዓባየይ ነናሻዕ እትገላብጦ ብዙሕ ናይ ባናና ኣቝጽልቲ ኔሩ። ክፈልጥ ተሃንጠኹ። “እዚ ኣቝጽልቲ ንምንታይ እዩ ዓባየይ?” ሓተትኩ። እታ ዝረኸብኩዋ መልሲ ግናን “ትንግርታዊ ኣቝጽልተይ እዩ።” ትብል ጥራይ እያ።



ንዓባየይ፡ ነቲ ባናና፡ ነቲ ኣቍጽልቲ ባናናን ነታ ዓባይ ናይ ላኻ ዘንቢልን ምርኣይ ኣዝዩ ሰሓቢ እዩ። ግና ዓባየይ ናብ ኣደይ ለኣኸአትኒ። “ዓባየይ በጃኺ ክርእየኪ ከተዳልዊ ከለኺ…” “ኣቲ ቈልዓ፡ ነቓጽ ኣይትኹኒ፡ ዝተባሃልክዮ ግበሪ።” ኢላ ግዲ በለትኒ። እናጐየኹ ተመርቀፍኩ።





ንጽባሒቱ፡ ዓባየይ ኣሕምልቲ ክትቅንጥብ ኣብ ስፍራ ኣታኽልቲ ከላ ሰላሕ ኢለ ኣትየ ነተን ባናና ርኣኽወን። ዳርጋ ኩለን በሲለን ነበራ። ኣርባዕተ ፍረ ዝነበራኣ ጥማር ክወስድ ኣይተማታእኩን። ብጽፍሪኢ እግረይ ሰላሕ እናበልኩ ናብ ደገ ክወጽእ ከለኹ፡ ዓባየይ ኣብ ደገ ክትስዕል ሰማዕክዋ። ነተን ባናና ኣብ ትሕቲ ክዳነይ ሓቢአየን ሓሊፈያ ከድኩ።



ንጽባሒቱ ዓባየይ ነ’ደይ ክትበጽሓ ምስመጸት፡ ነተን ባናና እንደገና ክርእየን ናብ ገዝኣ እናጐየኹ ከድኩ። ኣብኡ ሓደ ጥማር ናይ ኣዝዩ ዝበሰለ ባናና ነበረ። ሓንቲ ወሲደ ብትሕቲ ክዳነይ ሓባእክዋ። ነታ ዘንቢል ክድን ኣቢለ ብድሕሪ’ቲ ገዛ ከይደ ብቕልጡፍ በላዕክዋ። ከምኣ ዝጥዕም ባናና በሊዐ ኣይፈልጥን።





ምስተመለስኩ፡ ዘንቢል የለ ባናና የለ ዓባየይ ኣብ ደገ ኮፍ ኢላ ጸንሓትኒ። “ዓባየይ ኣበይ ኣላ እታ ዘንቢል፡ ኣበይ ኣሎ እቲ ኹሉ ባናና፡ ኣበይ ኣሎ እቲ ...” እታ ዝረኸብክዋ እንኮ መልሲ ግን “ኣብታ ትንግርታዊት ስፍራይ ኣለዉ።” ጥራይ እያ። ኣዝዩ ዘሕዝን እዩ!



ድሕሪ ክልተ መዓልቲ፡ ምርኩሳ ካብ መደቀሲ ክፍላ ከምጽኣላ ዓባየይ ለኣኸትኒ። ነቲ ማዕጾ ክፍት ምስ ኣበልክዎ፡ ብርቱዕ ጨና ናይ ዝበስል ዘሎ ባናና ሓንጎፋይ በለኒ። እታ ናይ ዓባየይ ዓባይ ትንግርታዊት ናይ ላኻ ዘንቢል ኣብ ውሽጢ'ቲ ክፍሊ ኔራ። ብኣረጊት ኮቦርታ ጽቡቕ ጌራ ተሓቢኣ እያ። ኣልዕል ኣቢለ ነቲ ደስ ዘብል ምኡዝ ሽታ ኣሽተትክዎ።





ዓባየይ “እንታይ ትገብሪ ኣለኺ? ቀልጥፊ እታ ምርኩሰይ ኣምጽእለይ።” ኢላ ምስተዳህየትኒ ድምጻ ኣሰንበደኒ። ነታ ምርኩሳ ሒዘ ቀልጢፈ ወጻእኩ። “እንታይ እዩ ዘስሕቐኪኢ ዘሎ?” ኢላ ዓባየይ ሓተተትኒ። ነታ ትንግርታዊት ቦታኣ ብምርካበይ ተሓጉሰ ጌና ይስሕቕ ከምዝነበርኩ ካብ ሕቶኣ ተገንዘብኩ።